# ብዙሕ ቋንቋ ንዝዘረብ ቆልዓ ምዕባለ ቋንቋ ምድጋፍ

tigrinja

Oma Häme

# ክልተ- ወይ ብዙሕ ቋንቋ








- ክልተ- ወይ ብዙሕ ቋንቋታት ካብ ሓደ ቋንቋ ዝያዳ ልሙድ እዩ።
- ብዙሕነት ቋንቋታት ኣብ ምዕባለ ቋንቋታት ዝረኣዩ ጸገማት ኣይውስኽን እዩ።
- ይኹን እምበር ብብዙሕ ቋንቋታት ምዕባይ ካብ ወለዲ ዝያዳ ግዜን ጻዕርን ክሓትት ይኽእል።
- ቋንቋ/ቋንቋታት ምርጫ ኣቐዲሙ ክውጠን ይግባእ።
- ነቲ ቆልዓ በቲ ዝያዳ ትፈልጦ ቋንቋ ተዛረቦ (መብዛሕትኡ ግዜ ናይ ኣደ ቋንቋኻ)።
- ቆልዓ ቋንቋ ፊኒሽ ኣብ መውዓሊ ህጻናት/ቤት ትምህርቲ ይመሃር።
  - ኣብ ገዛ ፊኒሽ ምዝራብ ኣየድልን።

# ሙጻሕፍቲ ምንባብ







- ብሓባር ምንባብ ነቲ ህጻን ቃላትን ናይ ምርድዳእ ክእለቱን የበርተዓሉ።
- እቲ ቆልዓ ዝፈትዎም ስእልታት ዘለዎም መጻሕፍቲ ምረጽ።
- ነቲ ዛንታ ብሓገዝ ስእልታት ብቋንቋኻ ጌርካ ንገር (ጽሑፍ ናይቲ መጽሓፍ ብቋንቋኻ ዋላ እንተዘይኮይኑ ጸገም የለን)።
- ስእልታት ስመዮም።
- ብዛዕባ ኣብ ስእሊ ዘሎን ኣብቲ መጽሓፍ እንታይ ይፍጸም ከምዘሎን ምስቲ ቆልዓ ተዘራረብ።
- ቆልዓ ብዛዕባ እቲ ዛንታ እንታይ ከም ዝሓሰበ ሕተት።
- ዛንታ ምሸት ረጊኦም ንኽድቅሱ ጽቡቕ መንገዲ ክኸውን ይኽእል።
- ምስ ቆልዓ ናብ ላይብረሪ ኪድ።

# ናይ ሓባር ህይወትን ዓቢ ሰብ ኣርኣያ



- ነቲ ቆልዓ ኣርኣያ ኹኖ።
    - ዋላ እኳ ብኻልእ ቋንቋ እንተመለሰልካ ነቲ ቆልዓ ዝሃቦ መልስታት ብቋንቋኻ ጌርካ ብጽንዓት ኣርኣያ ኹኖ።
- ቆልዓ ኣብ መዓልታዊ ህይወት ቋንቋ ይመሃር።



    - ነቲ ቆልዓ ዕዮ ገዛ ምሳኻ ኣስርሓዮ (ንኣብነት መግቢ ምኽሻን፣ ምጽራይ).
- ነቲ ቆልዓ ኣዛርቦ።
- ትገብሮ ዘለኻን ቆልዓ እንታይ ይገብር ኣሎን ንገር።
    - ”ሕጂ ፋርኬታን ካራን ኣብ ጣውላ ይገብር ኣለኹ”።



    - ”ጫማ ባዕልኻ ጽቡቕ ጌርካ መሊስካዮ”።
- ልክዕ ኣስማት ነገራት ተጠቐም።
    - ኣብ ክንዲ፣ ከምዚ ትብል ”ነዚኦም ናብቲ ውሰዶም” ከምዚ ክትብል ፈትን ”ነዞም ካልስታት ናብቲ ኣብ ኣርማድዮ ዘሎ መቐመጢ ውሰዶ”።



- ነቲ ቆልዓ ከመይ ከምዘሎ መዓልታዊ ሕተቶ። ብዛዕባ መውዓሊ ህጻናት/ትምህርቲ ክነግረካ ኣተባብዓዮ።
    - ዘነጽር ሕቶታት ብምሕታት ነቲ ቆልዓ ክትሕግዞ ትኽእል (መን፣ እንታይ፣ ኣበይ)።
- እቲ ቆልዓ ብጸወታ ነገራት ይመሃር።



    - ምስ ቆልዓ ፊት ንፊት ብሓባር ተጻወት።
- ደርፍታትን ቅኒታትን ንዕብየት ቋንቋን ይድግፉ።









# ግዜ ስክሪን

- እቲ ቆልዓ ብስክሪን ዘይኮነስ ምስ ካልኦት ሰባት ኣብ ዝራኸበሉ እዋን ቋንቋ ምጥቃም ይመሃር።
- ስክሪን: ተለቭዥን፣ ተለፎን፣ ታብለትን ኮምፑዩተርን
- ንስክሪን ግዜ ዝምልከት ምኽሪ፡
  - 0–2- ዝዕድሚኡ ስክሪን ፈጺሙ ኣየድልዮን
  - 3–5- ዝዕድሚኡ እንተበዝሐ 1 ሰዓት ንመዓልቲ
  - ልዕሊ 6- ዝዕድሚኡ እንተበዝሐ 2 ሰዓት ንመዓልቲ
- ቆልዓ ብስክሪን ጌሩ ነገራት ክመሃር ይኽእል ግን ብዘይ ተሳትፎ ዓቢ ሰብ ኣይኮነን።
- ቋንቋ ገዛኻ እንግሊዝኛ እንተዘይኮይኑ ግዜ ስክሪን እንግሊዝኛ ኣይትምረጹ።
- ናይ ባዕልኻ ስክሪን ግዜ እውን ኣቓልበ ግበረሉ።








# ተወሳኺ ሓበሬታ

- ነውቮላ
- Väestöliiton Hyvä kysymys -ገጽ, ቆልዓ ይመሃር - መደብ
  - [https://www.hyvakysymys.fi/video/lapsi-oppii-monikielinen-perhe-vuorovaikutus-ja-kielen-oppiminen/](https://www.hyvakysymys.fi/video/lapsi-oppii-monikielinen-perhe-vuorovaikutus-ja-kielen-oppiminen/)

**Kanta-Hämeen hyvinvointialue**
ናይ ቆልዑን መናእሰይን ኣገልግሎት ተሃድሶ, ናይ ዘረባ ተራፒ

kuvat: Pixabay